


CALGARY POLICE SERVICE

ኣዘንጊዕካ ስርቂ ዝተፈላለየ መልክዕ እኳ እንተሃለዎ እቲ ልሙድ ግን ግዳያት ኣብ መዐሸጊ ማኪና ወይ ድማ ኣብ ህዝባዊ መጸበዪ ቦታ ኣብ ዝህልዉሉ እዋን ኢዩ ዘጋጥም። እቶም ሰረቕቲ ናብቶም ግዳያት ብምቕራብ ብውሕሉል መንገዲ ዝተዳለዉ ዛንታታት ተጠቒሞም ወርቂ ወይ ዝኾነ ስልማት ክህቡኻ እሞ ገንዘብ ክትህቦም፥ ናይ ሓሶት ወርቂ ወይ ስልማት ከምትሕጃ ሂቦም ገንዘብ ክተለቅሖም ምሕታት፥ ንግዳያት ናይ ሓሶት ስልማት ዘልብስዎም ተመሲሎም ናብኣቶም ብምቕራብ ነቲ እቶም ግዳያት ተኸዲኖሞ ዘለዉ ናይ ባሓቂ ስልማቶም ምስራቕን ካልእን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምጥቃም ኢዮም ዝፍጽምዎ።

# ውልቃዊ ንብረትካ ካብ ስርቂ ንምክልኻል፡

1. ተጠንቀቕ፣ ከባቢኻ ኣስተውዕል፥ ብፍላይ ድማ ኣብ ጻዕቂ ህዝቢ ዘለዎ ቦታ ከም ዕዳጋ፥ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ፥ ንበጻሕቲ ስሕበት ዘለዎ ቦታታት።

2. ንብረትካ ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐምጥ፣ ቾርኔራ ወይ ውን ጸረ-ስርቂ ቁልፊ ዘለዎም ቦርሳታት ተጠቐም፥ ኣብ ክንዲ ብድሕሪት ብቅድሚት ተሓንገጦም። ክቡር ዝኾነ ንብረትካ ኣብ ናይ ድሕሪት ጁባ ኣይተቀምጥ።

3. ሳሓቢነት ኣወግድ፣ ከም ስልማት፥ ሰዓት ኮነ ኤለክትሮኒክስ ዝኣመሰሉ ኩቡራት ንብረታት ኣብ ቃልዕ ካብ ምዝርጋሕ ተቆጠብ።

4. ካብ ጓኖት ተጠንቀቕ፣ ዝሕግዙኻ ተመሲሎም፥ ሓገዝ ዝሓቱ መሲሎም ወይ ውን ኣቓልቦኻ ንምስሓብ ፍሉይ ፍትጻመ ብምፍጣር ዝቐርቡኻ ጓኖት ተጠንቀቐሎም።

5. ክቡር ዝኾነ ንብረትካ ፈላሊኻ ኣቐምጥ፣ ኩሎም ንብረታትካ ኣብ ሓደ ኣይትግበሮም። ገለ ጥረ ገንዘብን ካርድታትን ኣብ ዝተፈለየ ጁባ ወይ ማሕፉዳ ኣቐምጥ።

6. ዘጠራጥሩ ንጥፈታት ኣይትእመኖም፣ ገለ ሰብ እንተ ጎኒጽካ ወይ ገለ ነገር እንተ ደፊእልካ ወይ ውን ኣቓልቦኻ ንምስላብ ገለ ነገር እንተ ፈጺሙ፥ ብቕጽበት ንብረትካ ምሳኻ ከም ዘሎ ኣረጋግጽ።

7. ውሕስነት ቴክኖሎጂታትካ ኣረጋግጽ፣ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ኮይንካ ከም ሞባይል ወይ ላብቶብ ዝኣመሰሉ ኤሌክትሮኒካዊ ንብረታት ኣብ ትጥቀመሉ እዋናት፥ ንብረትካ ኣትሪርካ ሓዝ ከምኡውን ካልኦት ብቐሊሉ ኢዶም ዘርጊሖም ኣብ ከርክብዎ ዝኽእሉ ጣውላ ኣይተቐምጥ።

8. ቦርሳታትካ ዕጽዋት ይኹኑ፣ ኩሉ ግዜ ቦርሳኻ ኮነ ጁባታቱ ብግቡእ ተዓጽዮም ምህላዎም ኣረጋግጽ፥ ብፍላይ ድማ ገለ ሰብ እንተ ጎኒጽካ።

9. ንስምዒታትካ እመኖም፣ ብዛዕባ ገለ ሰብ ወይ ፍጻመ ነብስኻ ግንብንብ እንተ ኢሉካ፥ ድሕንነትካ ኣቐድም ካብኡ ድማ ረሓቕ።

10. ኣፍልጦ ይሃልኻ፣መንገድታት ስርቂ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለዩ ኢዮም። ኣብ ትገሸሉ እዋናት ናይቲ ትኸዶ ቦታ ናይ ድሕንነት መምርሒታት ፍለጦም።

ንብረትካ ከም ዝተሰረቐ ንምሕባር ብኦንላይን፥ ኣብ ቀረባኻ ዘሎ ዞባዊ ቤት-ጽሕፈት ብምኻድ ወይ ውን ናብቲ ናይ ህጹጽ ዘይኮነ መስመር ስልኪ ብምድዋል ክግበር ይከኣል።